# <u>ትግራይ ፌስቲቫል--ንዝተውሃበና ዕድል የቐንይየልና</u>

ዝኸበርኩም(ክን) ደቂዓደይ

ዝገበርናልኩም መፀዋዕታ ኣኽቢርኩም ኣብዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ከተማ ሽካጎ ዝተኻየደ ናይ ሓሙሽተ መዓልቲ ትግራይ ፌስቲቫል ካብ ሩሑቑን ቀረባን መጺኹም ብምስታፍኩም ብሽመይን ብታ ናይቲ ብዓል ኣሰናዳኢት ኮሚቴን ካብ ልቢ ዝነቐለ ምስጋናይ የቕርብ። ሓቂ ንምዝራብ “ሓርበኛታት” ንሕና ዘይኮንናስ ንስኻትኩም ኢኹም። ከምኡውን ንቲ ፌስቲቫል ኣብ ምፍላጥ ኣቢይ ሓገዝ ዝገበሩልና ዓይጋፎረም፤ዩትናን፤ትግራይኦንላይንን ምስጋናና ዝለዓለ እዩ። ብዘይ ናታትኩም ዛገዝ እቲ ፌስቲቫል ዕውት ኣምኾነን።

ብምኽፃል ከም ትግራዋይን ኢትዮጱያዊን ከይነ ብዛዕባ እቲ ፌስቲቫል ዘለኒ ርኢቶ ንእሽተይ ከካፍለኩም ፍቐዱለይ። ብትግርኛ እንትፅሕፍ እዙይ ናይ መጀመሪያይ ስለዝኾነ ድማ ንሕሰያኹም ኣይፈለየኒ።

እምበኣርከስ “ኣቦይ ፍቓዱ ባዕሎም ይንኣዱ” ድኣ ከይትብሉኒ እምበር ናይ ለምዘበን ትግራይ ፍስቲቫል ብዓይነቱን ብትሕትኡን ካብዝሓለፉ ፌስቲቫላት ኩሎም ፍልይ ዝበለን ዝደመቐን ነይሩ እንትብልኩ ካብ ሓቒ ዝርሓቐኩ ኣይመስለንን። ብዙሓት ናይቲ ብዓል ተሳተፍቲ እውን ተመሳሳሊ ርኢቶ ዝሃቡኒ እነትኾን፤ ንዓመታ እውን ኣብ ሽካጎ እንተዝኾውን ዝበሉኒ ሰባት ቁፅሪ እውን ንእሽተይ ኣይነበረን። ስለዝኾነ ድማ ዝለዓለ ምስጋናና ነቕርብ።

ካብቶም ንቲ ብዓል ፍሉይ ዝገበርዎ ነገራት ሓደ ናይ መናእሰይ ኣብቲ ብዓል ዝግጅት ሙሉእ ተሳተፍቲ ምንባሮም እዩ። ባዕልቶም ዝውንንዎ መዓልቲ ተዋሂውዎም ናይ ባዕልቶም ዕዱም ጋሻን(ደራሲ ሰላማዊ ኣስገዶም) ንመንእሰይ ዝጥምት ኣጀንዳን ኣዳሊዮም ገፊሕ ምይይጥ ኣካይዶም። ብፍላይ ናይ ማዊ ኣስገዶም ትምህርቲ ንወለዲ እውን ዝተርፍ ጠቓሚን እዋናዊን ምኽሪ ነይሩ። ብዙይ ኣጋጣሚ ድማ ሓውና ማዊ ጊዚኡ ሰዊኡ ንዝሃበና ምኽሪን ማዕዳን ብጣዕሚ ከመስግን እፈቱ። ንሓዋሩ ድማ ናይ ማዊ ምትሕብባር ከምዘይፍለየና ተስፋ ንገብር። ካልኦት ኣከባቢ ድማ ናትና ኣሰር ተኸቲሎም ናይ ሀገር ተረከብቲ ዝኾኑ መናእሰይ ድልየት ኣቓልቦ ንኽገብሩ ንላቦ።

ካሊእ ክጥቀስ ዝግብኦ ነገር እንተሃለወ ናይ ሽካጎ ህዝቢ ጋሻሹ ኣብ ምቕባልን ስራሕቲ ኣብምስላጥን ዘርኣዮ ምትሕብባር እዩ። ህፃን ምስዓቢዩ፤ ኩሉ ትግራዋይ ንስራሕ ዘርኣዮ ውፍይነት ብጣሚ ዝንኣድን ዝድነቕን ነይሩ። ብፍላይ ኣብ ሰንበት ዝነበረ ናይ”barbeque” ዝግጅት ደቂ ኣንስትዮ ኣሕዋትና ዘርኣየኦ ንጡፍ ተሳትፎ ኣድናቖትነ ክብርን ዘትረፈ ነይሩ። ስዋ ፀሚቖን እውን ንኹሎም ኣጋይሽ ኣቕሪበን፤ ዘለወን ውሕልና እውን ብቶም ነቲ ስዋ ዝጠዓሙ ኩሎም ኣመስኪረን። ማለፍያ ፅራይ ስዋ ሽካጎ!!

ናይ ለምዘበን ናይ ኩዕሶ እግሪ ግጥም እውን ውዕውዕን ናይ ብዙሓት ሰባት ቀልቢ ዝሰሓበን ነይሩ። ሓሙሽተ ጋንታታት ንጡፍ ዝኾነ ንሕንሕ ምስገበራ ሚኒሶታን ሽካጎን ንዋንጫ ሓሊፈን ዋልታ ናይ ሽካጎ ጋንታ ንሚኒሶታ ብምስዓር ዋንጫ ወሲዳ። የዒስ ዋልታ ሽካጎ! እምበርውን ዋልታ! ንዝቕፅል ጊዜ እውን እግሪ ኩዕሶ መናእሰይ ኣብ ምስሓብ ኣቢይ ግደ ስለዘለው ተጠናኺሩ ንኽቕፅል ሓደራ ንብል።

ካብ ኢትዮጵያ ኤምባሲ ዝመፅ ዕዱማት ኢጋይሽ አይተ ሙሉጌታ በርሀን አይተ ወንድሙን ንተሳተፍቲ ብዛዕባ ኢንቨስትመንት ዝሃብዎ መብርሂ እውን ብጣዕሚ ጠቃሚን አገዳሲን ነይሩ። አምባሳደር ፍስሃ አስገዶም እውን አብቲ ፌስቲቫል ተረኺቡ ብዛዕባ ሀገርና ኢትዩጵያ ወቕታዊ ኩነታት ዝሃቦ መብርሂ አገዳሲ ነይሩ። የቕንየልና።

ስፍሕ ብዝበለ መልክዑ ንቲ ፍስቲቫል እንትንግምግም ዘበራትዕ ውፅኢት ዘርአየን በሪ ዝኸፈተን ነይሩ ኢና እንብል። ትግራዋይ ነዚ ፌስቲቫል ዘሎዎ ድልየት እውን ዘለዓለ ኮኑ ረኺብናዮ። ስለዝኾነ ድማ ማተሰአ ዝቕፅል ፌስቲቫል ናይ ህዝቢ ድልየት አብ ግምት ዘእተወ ንኽኸውን አቢይ ፃዕሪ ከምዝገብር ተስፋ ንገብር። በሓፂሩ ንምግላፅ እቲ በዓል ካብ ተብሃለ ፌስቲቫል ከማለኦም ዝግብኡ ነገራት ድማ ክህልዎ አለዎ ንብል። ንአብነት ሓንቲ ቃዳም ምሸት ሰብ አኪብካ ስለዝተፃወትካ ፌስቲቫል ነይሩ ንምባል ከቢድ እዩ። ካልኦት ትምህርቲ ሓዘል ነገራት አብቲ ፌስቲቫል ክካተቱ ይግባእ። ብፍላይ ናይ መናእሰይ ተንከፍ ዝኾኑ ምድላዋት ክህልው ናይ ግድን ክኸውን እዩ። ብዘይ ናይ መናእሰይ ተሳትፎ ናይቲ ማሕበር ቀፃሊ ህልውና ግረጋገፅ ስለዘይኽል እውን ማተሰአ ክርዳእ አለዎ።

አብ መወዳእታ ካብ ሽካጎ ቀፂላ ንዝመፅእ ትግራይ ፌስቲቫል ንትቕበሎ ከተማ እንህቦ ምኽሪ እንተሃለወ እዚ ዝስዕብ እዩ--ሕበሩ--ሕበሩ--ሕበሩ--ሕበሩ--ሕበሩ። “ተጋሩ እንትሓብሩ ፀላኢ የባርሩ” ደይተብሃለን እዩ? ንሕና እውን ንዚፌስቲቫል ንምዝግጃው ዝቐሰምናዮ ልምዲ ንምልጋስ ድልዋት ኢና። ዓመት ንዓመት ይዕቐረና።

መዝገበ ገብረክርሰቶስ

2009 ትግራይ ፌስቲቫል አብ ሽካጎ
ኦገስት 6 ቀን 2009